BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## Where do you live?

## ኣበይ ኢኻ ትነብር?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
መርሓባ፡ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። ንተማሃሮ ቋንቋ እንግሊዝኛ ጠቓሚ ዝኾነ ትሑዝቶ ሒዝናሉኩም ቀሪብና ኣለና። ኣነ ተመስገን እበሃል። ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ንሰባት ኣበይ ከምዝነብሩ ብኸመይ ከምትዉከስዎም ክንመሃር ኢና።
እዞም ክልተ ሰባት ንሓድሕዶም ክትሓታተቱ እንከለዉ ሓቢርና ንስማዓዮም።

***Sian***
*Hi Phil, where do you live?*

***Phil***
*I live near the market. How about you?*

***Sian***
*I live in London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝብል እንተመሲሉ፡ እዚ ምይይጥ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ኢና።
እታ ቀዳመይቲ ተዛራቢት 'ኣበይ ኢኻ ትነብር?' 'Where do you live?' ኢላ ሓቲታ። ሰሚዕኩም ነቲ ሓረግ ድገምዎ።

*Where do you live?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እቲ ካልኣይ ተዛራቢ ድማ ኣብ ጥቓ ሹቕ 'the market' ኢሉ መሊሱ። 'ኣነ ኣብ ጥቓ...' 'I live near…' ብምባል ሽም ናይ ጥቓ ገዛኹም ዝርከብ ቦታ ክትጠቕሱ ትኽእሉ።
ነዚ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*I live near the market.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣስዒቡ ነታ ቀዳመይቲ ተዛራቢት ተመሳሳሊ ሕቶ ኣቕሪቡላ። ንሓደ ሰብ ተመሳሳሊ ሕቶ ከትቕርበሉ ንስኻ'ኸ ወይ ንስኺ'ኸ ንኽትብል 'How about you?' እዩ ዝባሃል። ነዚ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*How about you?*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኢታ ቀዳመይቲ ተዛራቢት ኣብ ለንደን'ያ ትነብር፡ ስለዚ ኣብ ለንደን ይነብር ክትብል 'I live in…' ኢላ ጀሚራ፡ ለንደን ወሲኻትላ። 'I live in…' ዝብል ሓረግ ብምጥቃም ስም ናይ ከተማታት፡ ከባቢታትን ዓዲታትን ከተእትዉሉ ትክእሉ። ነዚ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*I live in London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! ሕጂ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ ዝነብርሉ ቦታ ከዕልሉ እንከለዉ ብምስማዕ ምስቲ ዝሃብኩሞ መልሲታት ኣነጻጽሩ።

ማርክ ኣብ ጥቓ ባሕሪ'ዩ ዝነብር።

*Hi Mark, where do you live?*

*I live near the sea. How about you?*

*I live in Manchester.*

ክሌር ኣብ ጥቓ ሆስፒታል'ያ ትነብር።

*Hi Claire, where do you live?*

*I live near the hospital. How about you?*

*I live in Birmingham.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እምበኣር ደጊምና ንለማመድ። ነዘን ዝስዕባ ናይ እንግሊዝኛ ምሉኣት ሓሳባት ሰሚዕና ንድገመን። ነፍሰወከፈን ክክልተ ግዜ ክትሰምዕወን ኢኹም።

*Hi Phil, where do you live?*
*Hi Phil, where do you live?*

*I live near the market.*
*I live near the market.*

*How about you?*
*How about you?*

*I live in London.*
*I live in London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ካብዚ ሕጂ ዝተማሃርኩምዎ ክንደይ ክትዝክሩ ከም ትኽእሉ ንርአ። ነቶም ሓረጋት ብቋንቋኹም ምስ ሰማዕኩም ናብ እንግሊዝኛ ተርጒምኩም ኣቕርቡዎም።


© British Broadcasting Corporation 2018

*ሰላም ፊል፡ ኣበይ ኢኻ ትነብር?*
*Hi Phil, where do you live?*

*ኣብ ጥቓ ሹቕ'የ ዝነብር።*
*I live near the market.*

*ንስኺ'ኸ?*
*How about you?*

*ኣነ ኣብ ለንደን'የ ዝቕመጥ*
*I live in London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ – ሕጂ'ምበኣር፡ ንሰባት ኣበይ ከምእትነብሩ፡ ብእንግሊዝኛ በዚ ኣገባብ ክትሕብርዎም ትኽእሉ። ንሽያን መልሲ ብምሃብ ተለማመዱ። ኣበይ ከምእትነብሩ ድማ ሓብሩ።

*Hi, where do you live?*
*I live in London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! ሕጂ ነቲ ዝነበረ ዕላል ብምልኡ ብምስማዕ፡ ዘቕረብኩምዎም መልስታት ንምክትታል ደጊምኩም ስምዑዎም።

***Sian***
*Hi Phil, where do you live?*

***Phil***
*I live near the market. How about you?*

***Sian***
*I live in London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ ብእንግሊዝኛ፡ ንሰባት ኣበይ ከምትነብሩ ክትነግርዎምን፡ ንሶም ኣበይ ከምዝነብሩ ክትዉከስዎምን ትኽእሉ። ምስ መሓዙትኩም ብምኧን ብዛዕባ ትነብሩሉ ቦታ ምሕባርን መሓዙትኩም ዝነብሩሉ ምዉካስን ኣይትረስዑ። ኣብ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversation ክሳብ ንራኸብ ሰሰናዩ። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018